ኩባንያና መስፍን ኢንዳስትሪያል ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ናይ ኮንስትራክሽን ኣቅሑ ብጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ በዚ ዘርፊ ስራሕ ፍቓድ ዘለኩም ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ መዓቀኒታት እተማልኡ ሕጋዊ ነጋዶ አብዚ ጨረታ ንክትሳተፉ ንዕድም::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሚያዝያ 22, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 6, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:50,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 6, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/

ምልክታ ጨረታ

ኩባንያና መስፍን ኢንዳስትሪያል ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ናይ ኮንስትራክሽን ኣቅሑ ብጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ በዚ ዘርፊ ስራሕ ፍቓድ ዘለኩም ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ መዓቀኒታት እተማልኡ ሕጋዊ ነጋዶ አብዚ ጨረታ ንክትሳተፉ ንዕድም::

ብጨረታ ናይ ዝዕደግ ንብረት ዝርዝር

ተ.ቁ	ዓይነት ንብረት	መዐቀኒ	በዝሒ	መብርሂ
1	Vibrator,3.75kw or 5 hp	PCS	2	
2	Concrete Mixer 0.36m3 or 360lit	Pcs	2	
3	Digital welding Machine, Single Phase 250AH	Pcs	3	
4	Concrete Hose for Vibrator Dia 38MM	Pcs	2	

ናይ ጨረታ ረቓሒን ኩነታትን

1. ናይ'ዚ ጨረታ ተሳታፊ ናይ 2015/ 2016 ዓ.ም በቲ ዘርፊ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፈቓድ ከቅርብ ዝኽእል ክኾውን ኣሎዎ።

2. ተጫረቲ ዝተሓደሰ ንግድ ፍቓድ፤ ግብሪ ከፋሊ ምዝገባ ምስክር ወረቐትን ተጨማሪ እሴት ታክስ ሰነዳት ዝምለስ ኦርጂናልን ዘይምለስ ፎቶ ኮፒ ብምሓዝ ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ዕለት 29/04/2024 ዓ.ም. ፈ. ክሳብ 13/05/2024 ዓ.ም.ፈ ሰዓት 4:00 ኣብ ስራሕ ሰዓት(ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሳዓት ንጉሆ 2:00 - 6:00 ድ/ቐትሪ ድማ ካብ 7:00 11:00) ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት መቐለ ካብ ኮርፖሬት ዕደጋ መምርሒ ክወስዱ ይኽእሉ።

3. ተጫረቲ ዝተሓደሰ ንግድ ፈቓድን፣ግብሪ ከፋሊ ምዝገባ ምስክር ወረቀትን ተጨማሪ እሴት ታክስ ሰነዳት ዝምለስ ኦርጅናልን ዘይምለስ ፎቶ ኮፒ ብምትሕሓዝ ናይ ሓደ ዋጋ ብምንፃር ብዝተዓሸገ ፖስታ ዋጋኦም ካብ ዕለት 29/04/2024 ዓ.ም.ፈ ክሳብ 14/05/2024 ዓ.ም.ፈ ሰዓት 4:00 ኣብ ስራሕ ሰዓት ናብ ዋና ቤት ፅሕፈት እናቐረቡ ነዚ ጨረታ ናብ ዝተዳለዉ ሳንድቕ ከእትዉ ይግባእ።

4. ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብሲፒኦ(CPO) ብር 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ ብር) ምስ ጨረታ ዶክመንት ኣተሓሒዞም ከእትዉ ይግባእ።
5. ጨረታ ዕለት 14/05/2024 ዓ.ም.ፈ ሰዓት 4:00 ንጉሆ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ድሌት ዘለዎም ተጫረቲ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ወይም ወከልቶም ኣብ ዘለውዎ ይኽፈት (ዕለት 14/05/2024 ዓ.ም.ፈ በዓል እንተኾይኑ ቐፂሉ ዘሎ ማዓልቲ ዕለት 15/05/2024 ዓ.ም.ፈ ሰዓት 4:00 ንጉሆ ተዓፅዩ ሰዓት 4:30 ይኽፈት)፤ ናይ ጨረታ ዶክመንት እንተተማሊኡ ተጫረቲ ኣብ መኽፈቲ እንተዘይተረኸቡ እውን እቲ ጨረታ ዝኸፈት ይኸውን።

6. ተጫረቲ ኣብ ናይ ካሊእ ተጫራታይ ዋጋ ተደሪኾም ዋጋ ምእታው ኣይካኣልን። ጨረታ ዶክመንት ማህተምን ፊርማን ናይ ተጫራታይ ክዓርፎ ኣለዎ። ኣብ ጨረታ ሳንዱቕ ዝኣተወ ፖስታ ብምንም ምኽንያት ክምልስ ኣይከኣልን።

7. ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ኣብ ናይ ባዕሎም ዋጋ መቕረቢ ሰነድ(Proforma) ኩነታት ቫት ብግልፂ ዝሓወሰ ወይ ዘይሓወሰ ምኻኑ ክጠቕሱ ይግባእ። እንተዘይተጠቂሱ ግና እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ከምዝሓወሰ ተገይሩ ይሕሰብ።

8. ተጫረቲ እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ (Price Validity) ብግልፂ ከቕምጡ ይግባእ።

9. ተጫረቲ ኣብ ቕድመ ኩነታት ዝተመስረተ ዋጋ እንተመሊኦም ዘቕረብዎ ዋጋ ተቐባልነት የብሉን።

10. ተጫረቲ ዘእትውዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ፣ ናይ ስልሒትን ድምርን ጌጋ እንተሃልዩ ናብ ውድድር ኣይቐርብን።

11. ሰዓሪ ተራቲ ምስዓሮም ምስ ተነገሮም ኣብ ውሽጢ 2ተ ማዓልቲ ዉዕሊ ክኣስሩን እቲ ንብረት አብ ዉሽጢ 5 መዓልቲ ናብ ትካልና ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት ከቕርቡ ይግባእ፤ እዙይ እንተዘይኾይኑ ድማ ንመክበሪ ጨረታ ዘትሐዞዎ ሲፒኦ ንትካል ኣታዊ ኮይኑ ትካል ካሊእ መማረፂ ይወሰድ።

12. ስዓራይ ተራቲ ናይቲ ዝቅርቦ ሓዱሽ ምኳኑ ኣፈትሹ ከርክብ ዝክእልን ናይ ሓደ ዓመት ዋረንቲ ከቕርብ ዝክእል::

13. ናይዚ ጨረታ ሰዓራይ ዉዕሊ መኽበሪ (Performance Guarantee) ናይ ጠቕላላ ዋጋ 10 ንክልተ ወርሒ ዝፀንሕ ብCPO ከትሕዙ ይግባእ።

14. ትካልና እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ

ናብ ዋና ቢሮና ብኣካል ብምምፃእ ሓበሬታ ክረኽቡ ይክእሉ ወይም ብሊ.ቁ 0914708567/ 0914754176 ክድዉሉ ይኽእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle